**<u>ጉዱም ባዕሎም ዘቃልዑ ዑሱባት፡፡</u>**

ንሰማዒኡ ዘሕፍር ሕማቕ ወረ፡
ዶክቶርስ ምሓከመ ወይ ህዝቡ ምማሃረ፡
ከዳሚ ከደምቲ’ዶ ኮይኑ ምተቐጽረ።

 ኣሎውን ካብኡ ኣዝዩ ዝገደደ፡
 ምሁር ፕሮፈሶር ሃገር ዝኸሓደ፡
 ንሕናን ኢትዮጵያን ዝብል ሓደ።

ወዲ ተላ ዕብዳን ዘይኣርገሉ፡
ኣብ ግዜ ገዲሊ ክንደይ ኣታሊሉ፡
ባህልና ሓፋር ኮይኑምበር ኣሎ ዝሕተተሉ።

 ማሕዮዲን ቀደም ነይጠዔኻ፡
 ሓሶት ክትዛረብ ኤርትራ ኣማዕዲኻ፡
 ኣይምሰልካ ወያኔ ንሓዋሩ ዝሓቐፉኻ።

ኣምባሳደር ዝብል ሽመት ዝተዋህበ፡
ስልጣን ሓፋሽ ራሕሪሑ ዝሕክል ኣብ ጎዶበ፡
ሕጂ’ዶ ይሓይሽ ተረፍ ጀንዳ ምምጋበበ።

 ሃገር ክሸጡ ድሕር ዘይብሉ፡
 ብደጊኦም ክትርእዮም ሓደ ዝመስሉ፡
 ውሽጦም ብወገን ዓለት ተበከሉ።

ዘይኣክል ክፍኣት ዕብዳን ዕውልና፡
ጊዚኡ ኣይኮነን ፖሎቲካዊ ሽርሙጥና፡
ሓፋሽ እዳሎ ኣሎ ክጽንብል በዓል ነጻነትና።

 ቁሩብ ኣይትብሉን ህዝቢ ከይክዕበና፡
 ውራይኩም ገዲፍኩም ተዳምቑ ናይ ዳና፡
 እሞኸኣ ምስቶም ፈሓርቲ መቓብር ሰማእታትና።

ኤርትራ ኣሰይ ወለድኪ ብዙሓት፡

እንቛዕ ጥራሕ ኣይኮኑ እዞም ጡምዙሓት፡

ምሸት ዝበሉዎ ዘይደግሙ ንብጊሓት።

ሓፋሽ እምኒ እስከም ክሃንጽ ሃገር፡

ዕሱባት ሃሰስ ይብሉ ክኸትቡ ዝደናገር፡

ግብሮም ብምንታይ ይፍለ ካብ ሰራቒ ፈገር።

ቀደም ኳሳ ሓረስታይ ኢሎም ዘስተናዕቁ፡

ንሱ ኣየዝለቐን ኣሎ ምስ ዕጥቁ፡

ናትኹም ግን ጉድዩ ስረኹም ወዲቑ።

ከብዱኹም ተነፊሑ ከም ኮበሮ፡

ዲታ መሲልኩም ሃብታማት ደላሎ፡

ኣይትረሱዑ መርገም ህዝቢ ሃየንታ ኣሎ።

ኣደታትኩም ሃገር ወይ ሞት ኢለን እምከታ፡

ኣቦታትኩም ዓሪዶም ብጉራደ ሴፍ ዋልታ፡

ንሱኹም ትመሻጠሩ ክትዘምቱ ምስ ሽፍታ፡

ልቢ ግበሩ ኣድራሻኹም ሃቡና

ክንልእከልኩም  ናይ ጣዕሳ ፎርም ኣሎና

ይብቃዕ ምሕካል ኣብ ዓዲ ዳና።

ሰማእታትና ንዘልኣለም እዘከሩ።
ዓወት ንሓፋሽ፡
ገብረንጉስ መስመር።

ሽማእታትና ወትሩ ኣብ ልብና፡
ዓወት ንሓፋሽ፡
ገብረንጉስ መስመር።